





# Orientation to Ontario

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

## ክንክን ጥዕና

### (THE ONTARIO HEALTH INSURANCE PLAN - OHIP) - ውጥን ዋሕስ ጥዕና ኦንታር

OHIP (ውጥን ዋሕስ ጥዕና ኦንታርዮ)፡ ነቶም ብቑዓት ተቐማጦ ኦንታርዮ፡ ሽፈነ ክንክን ጥዕና ይቕበሎም እዩ። ስለዚ፡ እቲ ኣገዳሲ ሰነዳት ክሳብ ዝሃለወካ፡ ብዝተኻእለካ ቀልጢፍካ ከተመልክት ኣለካ። ከተመልክት ከለኻ፡ ነዞም ዝስዕቡ ቅዳሕ ዘይኮኑ ሰነዳት ከተርኢ ኣለካ።

- ዜግነትካ/ኢሚግሬሽን ካርድኻ ወይ ወረቐትካ
- ኣብ ኦንታርዮ ትቕመጥ ምዃና መረጋገጺ
- መንነትካ ምስ ስእልኻን ክታምካን

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ ontario.ca ብጻሕ።

ን OHIP (ውጥን ዋሕስ ጥዕና ኦንታርዮ) ብቑዕ ምዃንካ ንምፍላጥ፡ ኣብ findlink.at/ohip-info ብጻሕ።

OHIP (ውጥን ዋሕስ ጥዕና ኦንታርዮ) ንምርካብ፡ ናብ Service-Ontariooffice (ናብ ኣገልግሎት ቤት ጽሕፈት ኦንታርዮ) ከተመልክት ትኽእል። ኣብ ከባቢኻ ማሐበሪ ንምርካብ ድማ፡ ብቐጥታ ቴሌፎን 1-800-267-8097 ደውል፡ ወይ ኣብ serviceontario.caወይ ኣብ findlink.at/mto-office ብጻሕ።

ናይ OHIP (ውጥዕን ዋሕስ ጥዕና ኦንታርዮ) ሽፈነ ክጅምረልካ እንተኾይኑ፡ ካብ'ታ ናብ ኦንታርዮ ካብ ዝመጻእካላ ዕለት ጀሚሩ፡ ግድን ን90 መዓልታት ክትጽበ ኢኻ። ኣብ'ዚ ናይ ምጽባይ ግዜ፡ ኣብ ማእከል ጥዕና ሕብረተሰብ ንገለ ንዝተወሰኑ ኣገልግሎታት ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ከባቢኻ ማእከል ጥዕና ሕብረተሰብ ንኽትረክብ፡ ኣብ findlink.at/healthcare ብጻሕ።

OHIP (ውጥን ዋሕስ ጥዕና ኦንታርዮ) እንታይ ወጻኢታት ክንክን ጥዕና እዩ ዝሽፍነልካ ንምፍላጥ፡ ኣብ findlink.at/healthOn ብጻሕ።

### ገልግሎታት ክንክን ጥዕና

ሓኪም ናይ ስድራቤት ንምርካብ፡

- ናብ Health Care Connect hotline ( ናብ ኣገልግሎት መስመር ምርኻብ ክንክን ጥዕና ውዑይ መስመር) ብቐጥታ ቴሌፎን1-800-445-1822 ደውል ወይ ኣብ findlink.at/hc-connect ብጻሕ።

ኣብ ኮለጅ ሓካይም "Doctor Search" (ሓኪም ፈትሽ) ዝብል ተጠቐም፣ ን Surgeons (ሕክምና መጥባሕቲ) ኦንታርዮ ድማ፡ ኣብ cpso.on.ca ድለ።

ነቲ፡ ንናይ ምጥያስ ኣማኻሪኻ፡ ስድራቤትካን ኣዕሩኽትኻን ተወከሶም። ኣብ ከባብኺ ናይ ምጥያስ ኤጀንሲ ንምርካብ፡ ኣብ settlement.org/findhelp ብጻሕ።

9-1-1 – ኣብ ህጹጽ ሕክምና፡ ናብ 9-1-1ደወልን ናይ ኣምቡላንስ ሓገዝ ሕተትን።ኣገልግሎት 9-1-1፡ ንህጹጻት እዋናት ጥራይ እዩ።

**Hospital Emergency Room (ER (ህጹጽ ክፍሊ ሆስፒታል))**– እዚ ER (ህጹጽ ክፍሊ) ዝበሃል፡ ነቶም ቅጽበታውን ከበድትን ሕክምናዊ ጉዳያት ዘገልግል እዩ። ብባዕልኻ፡ ናብ ህጹጽ ክፍሊ ክትከይድ ወይ ናይ ኣምቡላንስ ሓገዝ ደሊኻ ናብ 9-1-1 ክትድውል ትኽእል ኢኻ። ጉዳይካ ህጹጽ እንተዘይኮኑከኣ፡ ሓኪም ናይቲ ሆስፒታል ኣገዳሲ ኮይኑ ምስ ዝስምዖ፡እትሸፍሎ ክህሉ እዩ።

### Walk-in Medical Centres (ብዘይ ቆጸራ እትርኣየሉ ማእከላት ሕክምና)

ህጹጻት ዘይኮኑ፡ እንተኾነ ቅጽበታዊ ኣድህቦ ዘድልዮም ሕክምናዊ ጉዳያት፡ ናብ'ቲ ብዘይ ቆጻራ ትርኣየሉ ክሊኒክ ክትከይድን ቆጸራ ከይሓዝካ ምስ ሓኪም ክትራኸብን ትኽእል ኢኻ።ኣብ ከባቢኻ ክሊኒክ ንምርካብ፡ ኣብ findlink.at/hcoptions ብጻሕ።

**Telehealth Ontario (ኣብ ኦንታርዮ፡ ብመገዲ ቴሌፎን ኣገልግሎት ሓበሬታ ጥዕና ዝህቡ)** – ካብ ነርስ ሕክምናዊ ምኽሪ ንምርካብ፡ ብቐጥታ ቴልፎን 1-866-797-0000 ናብ Telehealth Ontario (ኣብ ኦንታርዮ፡ ብመገዲ ቴሌፎን ኣገልግሎት ሓበሬታ ጥዕና ዝህቡ) ደውል። ነርሳት Telehealth (ብመገዲ ቴሌፎን ኣገልግሎት ሓበሬታ ጥዕና ዝህቡ)፡ ኣብ መዓልቲ ን24 ሰዓታት፡ ኣብ ሰሙን ድማ ን7 መዓልታት ክፉት እዩ። እቲ ምኽሪ ብቛንቋታት እንግሊዝን ፈረንሳን እዩ ዝወሃብ፣ ብኻልኦት ቛንቋታት ናይ ምትርጓም ሓገዝ እውን ኣሎ።

ናይ TTYመስመር፡ 1-866-797-0007.




Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

## ኣገልግሎታት ጥዕና ኣእምሮ

OHIP (ውጥን ዋሕስ ጥዕና ኦንታርዮ)፡ ንገለ ኣገልግሎታት ጥዕና ኣእምሮ ይሽፍን እዩ። ብዛዕባ ConnexOntario (ኮኔክስ ኦንታርዮ) ዝያዳ ንምፍላጥ፡ ኣብ connexontario.ca ብጻሕ።

ናብ Ontario Mental Health Helpline (ጥዕና ኣእምሮ ኦንታርዮ ናይ ሓገዝ መስመር) ብቐጥታ ቴለፎን ክትድውል ትኽእል ወይ ኣብ mhsio.on.ca ብጻሕ።

## ኣገልግሎታት ክንክን ስኒ

ክንክን ስኒ ብ OHIP (ውጥን ዋሕስ ጥዕና ኦንታርዮ) ዝሽፈን ኣይኮነን። እንተኾነ፡ ንትሕቲ 17 ዓመት ዝዕድሜኦም ቆልዑ ክንክን ስኒ ዝህባ ገለ ፕሮግራማት ግን ኣለዋ፡

- For Healthy Smiles Ontario (ብዛዕባሄልዚ ስማይልስ ኦንታርዮ) ናብ 1-800-268-1153 ደውል ወይ ኣብ findlink.at/smiles-ont ብጻሕ።

### OHIP PLUS - NEW! (ውጥን ዋሕስ ጥዕና ኦንታርዮ ተደመሮ - ሓዲሽ!)

ካብ ጥሪ 1, 2018 ጀሚሩ፡ ልዕሊ 5,000 ፍርያት መድሃኒት፡ ንዝኾነ 24 ዓመትን ትሕቲኡን ዝዕድሜኡ ሰብ ብናጻ ክኸውን እዩ።
ነዚ ምምልካት ኣየድልየን እዩ። እዚ ማለት፡እቲ ቆልዓ ወይ Ati መንእሰይ፡ ህሉው ናይ OHIP (ውጥን ዋሕስ ጥዕና ኦንታርዮ) ካርድን ብሓኪም ዝተኣዘዘ ብቑዕ ወረቐትን እንተደኣ ሃይልዩዎ፡ እቲ ሕክምናዊ መድሃኒታት፡ ብበዓል ሞያ ፋርማሲ፡ ነቲ ሕሙም ብዘይ ክፍሊት ክወሃቦ እዩ።
ናይ ኣቅርቦት ክፍሊት ዝበሃል ግን የለን።

ሓኪም ስኒ ንምርካብ፡

- “Find a Dentist “(“ሓኪም ስኒ ርኸብ”) ዝብል ኣገልግሎት ንኽትረክብ፡ Ontario DentalAssociation (ማሕበር ሓካይም ስኒ ኦንታርዮ)ተጠቒምካ፡ ኣብ youroralhealth.ca ፈትሽ።
- ኣብ settlement.org ብጻሕ።

## ክታበታት

ብዛዕባ’ቲ ኣብ ኦንታርዮ ዝወሃብ ኣገልግሎታት ክታበት ንዓበይትን ንቆልዑን ንምፍላጥ፡ ኣብfindlink.at/immuneinfo ብጻሕ።

መኣዝን ናይ’ቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ኣሃዱ ህዝባዊ ጥዕና ንምርካብ፡ ብቐጥታ ቴለፎን1-866-532-3161 ናብ ServiceOntario (ኣገልግሎት ኦንታርዮ) ደውል፡ ወይ ከኣ ኣብ findlink.at/ph-units ብጻሕ።



### ትፈልጥ ኔርካ ዶ?

ኣብ ህጹጽ እዋን ክትጠቕመካ ስለእትኽእል፡ ናይ ጥዕና ካርድኻ ኵሉ ግዜ ምሳኻ ክትሕዛ ኣለካ።

